VALG

ባይቶኣውን ክፋል ባይቶኣውን ምርጫታት 2021

# ኣገዳሲ ሓበሬታ
# ን መረጽቲ

**ናይ ምርጫ ዕለት ሰኑይ 13 መስከረም እዩ።**
**መለለዩ መንነትካ ዘክር!**



# ባይቶኣውን ክፋል ባይቶኣውን ምርጫታት 2021

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣርባዕተ ዓመት ኣብ Storting መን ከም ዚውክለና ኢና እንመርጽ። ናይ Storting ልዕሊ ኹሉ ኣገዳሲ ዝኾነ ግዴታታት ሕግታት ምውጻእ ሃገራዊ ባጀት ምውሳን ከምኡውን ንመንግስቲ ምቍጽጻር ኢዩ።

ናይ ሳሚ ባይቶ (Sami Parliament) ኣብ ኖርወይ እተመርጸ ባይቶ ህዝቢ ሳሚ (Sami people)ኰይኑ ርእሱ ብዝኽኣለ መንገዲ እተመርጸ ኣካል እዩ። ብዛዕባ እቲ ናይ ሳሚ ባይቶ ምርጫታት ኣብ sametinget.no ዝያዳ ኽተንብብ ትኽእል ኢኻ።

እዚ በራሪ ወረቐት ብዛዕባ ምርጫን ብኸመይ ከም እትመርጹን ዝገልጽ ሓበሬታ ሒዙ ኣሎ።

**ናይ ምርጫ ዕለት ሰኑይ 13 መስከረም 2021 እዩ።**
ኣብ ሓያሎ ምምሕዳራት ከተማ ሰንበት 12 መስከረም እውን ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ካብ 10 ነሓሰ ክሳዕ 10 መስከረም ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ ኣቐዲምካ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። **መለለዪ መንነትካ ዘክር**

## ክትመርጽ ከለኻ መለለዪ መንነትካ ኽተምጽእ ከም ዘሎካ ኣይትረስዕ

ክትመርጽ ከለኻ መለለዪ መንነትካ ከተርኢ ኣሎካ። መዓልቱ ዘይወደኤ መለለዪ መንንነት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፡ ፓስፖርት፡ መምርሒ ማኪና፡ ወይስእልኻ ዘለዎ ናይ ባንክ ካርድ። ኻልኦት ተመሳሰልቲ መተካእታ መንነት ዝኾኑ እውን ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ፡ እንተወሓደ፣ እቲ መለለዪ መንንነትካ ግድነት ሽምካ፣ ዕለት ልደትካን፣ ስእልኻን ክሀልዎ ይግባእ።

ኣብ ከም መናበዪ ኣረጋውያን ሆስፒታል ወይ ቤት ማእሰርቲ ዝኣመሰለ ትካል እንተ ኣሊኻ፣ መለለዪመንነትካ ናይ እቲ ትካል ሰራሕተኛ ከረጋግጸልካ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ኣብዚ ኩነታት እዚ እቶም ሰራሕተኛታት ንገዛእ ርእሶም ከላልዩ ይግባእ።

## ነቲ ሕማም ንምቍጽጻር ዝሕግዝ ሕግታትን ምኽርን ተኸተል

ነቲ ኣብ እትነብረሉ ኸባቢ ዘሎ መምርሒታትን ምኽርን ክትስዕብ ኣሎካ። ድምጺ ኽትህብ ከለኻ ርሕቐትካ ንኽትዕቅብን ጽሬት ኢድካ ንኽትለማመድን ከም ዘለካ ዘክር እንተ ሓሚምካ ድማ ናብቲ ናይ ድምጺ ቦታ ኣይትኺድ።

እቶም ዝሓመሙ፣ ንበይኑ ወይ ኣብ ውሽባ ዘለው ሰባት እውን ንኽመርጹ ኣጋጣሚ ክወሃቦም እዩ። ዝያዳ ሓበሬታ እንተድኣ ደሊኻ ምስ ምምሕዳር ከተማኻ ተራኸብ።

## ኣብዛ ዓመት እዚኣ ናይ ኤለክትሮኒካዊ ዲጂታል ናይ ምርጫ ካርዲ ክትቅበል ኢኻ

እቲ ናይ ምርጫ ካርዲ ናይ ምርጫ መሰል ከም ዘሎካ ዘዘኻኽር እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ናይ ምርጫ መዓልቲ ኣበይን መዓስን ክትመርጽ ከም እትኽእል እውን ይገልጽ እዩ።

እቲ ናይ ምርጫ ካርድኻ ናብ ኤለክትሮኒካዊ ዲጂታል ጶስጣ ሳጹንካ ወይ ብ Altinn ኣቢሉ ክለኣኽልካ እዩ። እንድሕር ደኣ ካብ ሰበ-ስልጣናት ናይ ኤለክትሮኒካዊ መራኸቢ እንተ ዘይረኺብካ ወይ ን 18 ኣዋርሕ ዝኸውን መለለዪ መንነት ወረቐት እንተ ዘይተጠቐምካ ኣብቲ ቦታ እቲ ናይ ወረቐት ምርጫ ካርድ ክትረክብ ኢኻ።

**ድምፂ ንምሃብ ናይ ምርጫ ካርድ ከተምጽእ ግድነት ኣይኮነን፡ እንተኾነ ግና ከምኡ እንተጌርካ ግዜ ይቑጥበልካ።** እቲ ናትካ ናይ ምርጫ ካርድ ከም መለለዪ መንነት ኣይጠቅምን።

### ክመርጽ ዝኽእል መን እዩ?

ኣብ ባይቶኣዊ ምርጫ ክትመርጽ መሰል ዝህልወካ፣ እንተድኣ:

- ናይ ኖርወይ ዜጋ ኾይንካ፣
- ኣብ መወዳእታ 2021 ወዲ 18 ዓመት መሊእካ፣ ከምኡውን
- ኣብ መዝገብ ብዝሒ ህዝቢ ምዝጉብ፣ ወይ ቅድሚ ሕጂ ዝተመዝገበ ነባሪ ከተማ ኖርዌይ እንተ ኮይንካ።

ናይ ምምራጽ መሰል ዘለዎ ዘበለ ኹሉ ኣብ መዝገብ ምርጫ ተዘርዚሩ ይርከብ። ኣብ መዝገብ ምርጫ ምህላውካ ርግጸኛ እንተ ዘይኮንካ፣ ምስ ምምሕዳር ከተማኻ ተራኸብ።

## መአስን ኣበይን ድምፂ ክትህብ ትኽእል?

**ኣቐዲምካ ምርጫ ንምግባር** ካብ ሰሉስ 10 ነሓሰ ክሳዕ ዓርቢ 10 መስከረም ኣብ ዝኾነ ይኹን ምምሕዳር ከተማ ክቕርብ ይኽእል ኢዩ።
**ኣብቲ ናይ ምርጫ መዓልቲ** ኣብቲ ከም ነባራይ ኣብ 30 ሰነ 2021 እተመዝገብካሉ ምምሕዳር ከተማ ክትመርጽ ኣሎካ። ኣብቲ ከተማ ኣብ ዝኾነ ናይ ምርጫ ቦታ ድምጽኻ ክትህብ ትኽእል ኢኻ።

እንድሕር ደኣ ንበይንኻ **ኣብ ውሽባ** እንተ ሃሊኻ ኣብ ተራ ድምጺ መውሃቢ ቦታ ኽትመርጽ የብልካን።
እንድሕር ደኣ **ንበይንኻ ኣገሊልካ** እንተ ኼንካ ኣብ ገዛኻ ኼንካ ኽትመርጽ ኣሎካ። ብዛዕባ እቲ እትነብረሉ ከባቢ እንታይ ምድላዋት ከም እተገብረ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ምስ ምምሕዳር ከተማኻ ተራኸብ።

ሕማም ኣለካ ድዩ ወይ ኣካለ ስንኩል ዲኻ? ምስ ምምሕዳር ከተማኻብዛዕባ **ምርጫ  ኣቐዲምካ ኣብ ገዛኻ ኼንካ ድምጺ ምሃብ**  ኽሳዕ 10 መስከረም ሰዓት 10፡00 ኽትራኸብ ትኽእል ኢኻ።

ኣብቲ ኣቐዲምካ ምርጫ ዝግበልሉ እዋን ወይ ኣብ ናይ ምርጫ መዓልቲ ክትመርጽ ኣይትኽእልን ዲኻ?

ካብ 1 ሓምለ ኣቐዲምካ ኣብ ገዛኻ ኼንካ ንክትመርጽ **ምእንቲ ኽፈቕደልካ ንምምሕዳር ከተማኻ ኽትሓትቶ ትኽእል ኢኻ።**

ኣብ ወጻኢ ሃገር **ኮንካ እውን** ካብ 1 ሓምለ ኽሳዕ 3 መስከረም ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

## ምርጫ

**ካብ ምምሕዳር ከተማኻ ወጻኢ እንተመሪፅካ** ኣስማት ናይቶም ምዝጉባት ፖለቲካዊ ጉጅለታት ዝሓዘ ናይ ምርጫ ወረቐት ክትቕበል ኢኻ። ኣብ ጥቓ እቲ ድምፂ ክትህቦ ዝደለኻዮ ወገን ናይ መስቀል ምልክት ግበር። እቲ ናይ ምርጫ ወረቐት ኣስማት ሕጹያት ናይቲ ሰልፊ ኣይሕዝን ኢዩ። ስለዚ፣ ብሕታዊ ምርጫ ክትህብ ኣይ ትኽእልን ኢኻ።

ናይ እቲ ክትመርጾ ዝደለኻዮ ፓርቲ ወይ ጉጅለ ስም ኣብቲ ናይ ምርጫ ወረቐት ተዘ ይተፃሒፉ፣ ናይ እቲ ፓርቲ/ጉጅለ ስም ባዕልኻ ክትፅሕፍ ትኽእል ኢኻ። ለውጢ ክት ገብር እንተ ደሊኻ፣ ካብቲ ዝተወከለ መምረጺ ነቑጣ ናይ ምርጫ ወረቐት ባዕልኻ ክትረኽብ ትኽእል ኢኻ።

እቲ ድምፂ ንኽቁፀር ድማ ናብ እትነብረሉ ምምሕዳር ከተማ ይለኣኽ።

እትመርጸሉ ቦታ ኣብ **valglokaler.no** ርኸብ

# ኣብ ምምሕዳር ከተማኻ ምምራጽ




ክትጥቀመሉ እትደሊ ናይ ምርጫ ወረቐት ዕንቁ ምረጽ።




ኣብ ናይ ምርጫ ወረቐት ዝኾነ ይኹን ለውጢ ግበር (ኣብ ዝቕጽል ገጽ ዘሎ መምርሒ ርአ)።




እቲ ናይ ድምፂ መውሃቢ ወረቐት ዕፀፎ፣ ምክንያቱ ድማ ስም እቲ ዝመረፅካዮ ወገን ብውሽጢ ኾይኑ እቲ ማሕተም ድማ ኣብ ድሕሪት ደጋዊ ክፋል ናይቲ ወረቀት ምእንቲ ክኸውን፡ ምኽንያቱ ንመን ትመርጽ ከምዘሎኻ ምእንታን ከይፍለጥ። እቲ ናይ ደምፂ መውሃቢ ወረቐት ኣብ ውሽጢ ቡስጣ ወይ ካልእ ሽፋን ኣይተእትዎ።




ናብ ሓደ ብዓል ስልጣን ምርጫ ኪድ፣ መለለዪ መንነትካ ኣርእዮ፣ ከምኡ ውን ኣብ ደጋዊ ክፋል ማሕተም ዘለዎ ናይ ድምፂ መውሃቢ ወረቐት ተቐበል። እቲ ናይ ድምፂ መውሃቢ ወረቐት ተቐባልነት ምእንቲ ክረክብ ማሕተም ክግበረሉ ኣለዎ!




ነቲ ማሕተም ዝተገብረሉ ናይ ድምፂ መውሃቢ ወረቐት ኣብቲ ሳፁን መውሃቢ ድምፂ ኣእትዎ።

## ናይ ድምፂ መውሃቢ ወረቐት ምቕያር

ኣብቲ ናይ ምርጫ ወረቐት ዝተወሰነ ለውጢ ክትገብር ትኽእል ኢኻ ነቲ ናይ ድምፂ መውሃቢ ወረቐት ምቕያር ነቲ እትመርጽዎ መጠን ኣይጸልዎን እዩ። ብኸመይ ለውጢ ኽትገብር ከም እትኽእል ዝገልጽ መምርሒ ኣብ ናይ ድምፂ መውሃቢ ወረቐት እውን ክርከብ ይከኣል እዩ።




### መስርዕ እቶም ሕጹያት ምቕያር

ነቶም ሕጹያት በየናይ መስርዕ ትመርጾም ከም ዘለኻ ንምሕባር፣ ኣብቲ ሳጹን ብጸጋማይ ሸነኽ ስም እቲ ሕጹይ (ሓድሽ) ቍጽሪ ኣእቱ።




### ሕጹያት ምስራዝ

ብየማናይ ሸነኽ ናይቲ ክትስርዞ እትደሊ ሕጹይ(ያት) ዘሎ ሳጹን ምልክት ግበር።

## ኣብ መደበር ምርጫ ንምምራጽ ሓገዝ ግበር

ሕቶታት እንተ ኣልዩካ ወይ ሓገዝ እንተ ደሊኻ፣ በጃኻ ምስ ሓደ ብዓል ስልጣን ምርጫ ተራኸብ። ሰበ - ስልጣን ምርጫ ብምስጢር ናይ ምሓዝ ሓላፍነት ኣለዎም።

ብዘይ ደገፍ ክትመርጽ ዘየኽእል ኣእምሮኣውን ኣካላውን ስንክልና ኣሎካዶ? ከምኡ እንተኾይንካ፣ ብዓል ስልጣን ምርጫ ወይ ካልእ ብኣኻ እተሓርየ ሰብ ንክትመርጽ ንክሕግዘካ መሰል ኣለካ እዩ።

## መን እዩ ዝምረፅ?

ኣብ ባይቶኣዊ ምርጫታት፣ 169 ኣባላት Storting ካብ 19 ዞባታት ተመሪጾም እዮም። ካብቶም ኣባላት150 ዝኾኑ ብቐጥታ ካብቶም ዞባታት እዮም ዝምረጹ። ብተወሳኺ ውን፣ ካብ ነፍሲ ወከፍ ዞባ እንተበዝሐ 19 ወንበር ይምደብ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ **valg.no**
ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ 2021 ናይ ኖርወይ ናይ ምርጫ ዳይሮክተሬት ዝተሓተመ።
እዚ በራሪ ወረቐት ብተወሳኺ ብቋንቋ ቦክማል፣ ኒንሮስክ፣ ናይ ሳሚ ቋንቋ ከምኡውን ብትሽዓተ ካልኦት ቋንቋታት ቀሪቡ ኣሎ።

ብዛዕባ እዚ ምርጫ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምካብ፥ **www.valg.no**

**ቁጽሪ valg:**

VALGdirektoratet